Press Release Cologne 04 May 2018

# ምድላው በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ከለን

ብዓል ናጽነት ድሮ ሰለስተ ሰሙን ትውሪፍዎ ኣሎ። ኣብ ከተማ ከለን ነዛ ኽብርቲ ዕለተ ናጽነት ኩልና ኤርትራውያን ዓበይትን መንእሰያትን ሕጻናትን ፡ ደቂ እዛ ሓላል መሬት፡ ደቂ 9 ብሄር ደቂ ሓደ ልቢ ብሓድነትን ውህደትን ጥምረትን ብሓደ ህርመት ምስቶም ጀጋኑን ብሉጻትን ፡ ንዓና ክርህወና መስዋእቲ ከፊሎም ፡ ክብሪን ናጽነትን ዘረከቡና ሰማእታትና ሰማእታት ኤርትራ ቃልኪዳንናን መብጽዓና እንሕድስሰሉ ዕለተ ናጽነትና ብሓበን ውዳቤታትናን ኩሎም ሃገራውያን ኤርትራውያን ብማእከልነት ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ከለን ብውህደት ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ሰንደቕ ፡ዕዉት ጽንብል ክኾነልና ንመደባት ብዓል ናጽነትና ኣብ ምድላው ንርከብ።

ኣብዚ ዓመትዚን ዝቕጽልን ፡ ኣብ ሕጂ ዝመጹና ዕዙዛት ክቡራን ኣብዚ ዝዓበዩ መንእሰያትናን ዓቢ ኣቕልቦን ኣቶኩሮን ብምግባር ፡ ካብቲ ተተሒዞ ዘሎ መደብ ብዓላትና በቶም ኣብ ከተማና ከባቢናን ዝነብሩ መንእሰያት ሰነጥባብውያን እዩ ተመዲቡ ዘሎ። ነዚ ድማ ኣብ መጻኢ ብዕቱብ ክሰራሕሉ እዩ።




በዚ ኣጋጣሚ ኩሉኹም ግዱሳት ሃገራውያን ባህ ዝበለኩም ትምኒት ንበዓል ነጻነት ምስ ዝህልወኩም ርእቶኹም ክትልጉሰልና እናሓተተና ፡ ኣዴታት ኣቦታት መንእሰያት ኣብዛ ኽብርቲ ዕለተ ናጽነትና ምዕሩግን ግሩምን ትሽዓተ ብሄራትና ዘንጸባርቕ ባህላዊ ክዳውንትን ፡ ዳስና ዳስ ሃገራዊ ናጽነት ውቁብን ምዕሩግን ክኾነልና ፤ ባንዴራታት ናይ ባንዴራ ሕብሪ ዘለዎ ጽላልን ካልእን ሒዝኩም ምኽትመጹ እናተላበና፡ ጆባ ኩሉኹም ኤርትራውያ ደቂ ሓደ ልቢ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝመጻእኩምንና ነባራትን ብሓፈሻ መርሓባ! ብደሓን ምጹና እናበልና ብኽብሪ ንዕድማ።

ወትሩ ዕወት ንሓፋሽ
ወዳቤታት ከለን
ምስ
ሃገራዊ ሽማግለ ከለን